# ዓባይ-ሰዓል

ሓበሬታ ንተሓከምቲ ካብ ናይ ሽወደን ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ። ።

## እዚ ሓበሬታ’ዚ ስለምንታይ ተዋሂቡኒ ?

ዓባይ-ሰዓል ስለ ዘሎካ ወይ ከም ዘሎካ ስለ ዝተጠርጠርካ፥ ሕክምና ምግባር ስለ ዘድልየካ እዩ። እዚ ጽሑፍ’ዚ፡ ብዛዕባ ዓባይ-ሰዓል፡ ብኸመይ ከም ዚሕከምን ንስኻ ውን እንታይ ምግባር ከም ዘድልየካን ዚምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

## ዓባይ-ሰዓል እንታይ እዩ?

ዓባይ-ሰዓል፡ (ቱበርኩሎስ  ወይ ቲቢ ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ’ዩ) , ፥ ብሓደ *ማይኮባክተርዩም ቱቦርኩሎሲስ* ”*Mycobacterium tuberculosis*” ብዝተባህለ ባክቴሪያ ዚልዓል ናይ ሕማም ረኽሲ’ዩ። እቲ ምልክት ናይቲ ሕማም፥ መብዛሕትኡ ግዜ  ካብቲ ዝተለኽፍካሉ ጊዜ ድሕሪ ነዊሕ (ኣዋርሕ ወይ ዓመት) እዋን’ዩ ዚግሃድ። ብዙሕ ጊዜ ናይ ሳንቡእ ረኽሲዩ ዚገብረልካ፥ ኲይኑ ግን ካልኦት ክፋላት ናይ ኣካላትካ ውን ኪጥቅዑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ጽኪታት ናይ ኣካላት፡ ለቖታ ሳንቡእ፡ ኣዕጽምቲ፡ ሓንጎል ወይ ውን ኰላሊት ከይተረፉ ይጥቅዑ እዮም።

## ዓባይ-ሰዓል ከመይ ኢሉ ይለግበካ?

እቲ ሕማም ኪመሓላለፍ ዚኽእል፡ ኣብ ሰናቡኦም ዓባይ-ሰዓል ካብ ዘሎዎም ሰባት እዩ። ኣብ ውሽጢ ገዛ ሓደ ዝሓመመ ሰብ ኪስዕል ከሎ፥ ካልእ ሰብ ድማ ነቶም ባክቴሪያ ዝሓዙ ደቀቕቲ ነጠብጣባት ናይ ኣየር ሃፋ ምስ ዘተንፍሶም፥ እቲ ሕማም ኪሓልፎ ይኽእል። ዓባይ-ሰዓል ቅድም-ቀዳድም ምስቲ ዝሓመመ ሰብ ብቐረባን - ንነዊሕ እዋንን ርክብ ምስ ዚህልወካ እዩ። ኣብ ሓጺር እዋን ዚግበሩ ወይ ነዊሕ ኣብ ዘይጸንሑ ጊዚያዊ ርክባት ኪለግበካ ትሑት ተኽእሎ እዩ ዘሎ።

## ሕማም ዓባይ-ሰዓል ከም ዘሎካ ብምንታይ ይፍለጥ?

እቲ ሽግር ናይቲ ሕማም ዚውስን፥ እቶም ባክቴሪያታት ኣበየናይ ክፋል ናይ ኣካላትካ ኣጥቂዖም ምህላዎም እዩ። ልሙዳት ሳዕቤናት ናይቲ ሕማም፡ ካብ 3 ሰሙን ንላዕሊ ዚጸንሕ ምስዓል፥ ለይቲ ምርሃጽ፡ ረስኒ፥ ከምኡ ውን ሚዛንካ ምጒዳልን እዮም። ካልኦት ሳዕቤናት ናይቲ ሕማም ድማ፥ ከም ሕበጣት (ዓባይ ሰዓል ኣብ ጽኪታት)፡ ወይ ቃንዛ (ዓባይ-ሰዓል ኣብ ዓጽሚ ወይ ውን ኣብ ከብዲ) ክኸውን ይኽእል።

## ዓባይ-ሰዓል ክሳብ ክንደይ ተላጋቢ እዩ?

ዓባይ-ሰዓል ኣብ ሳንቡኦም ዘሎዎም፥ ኣብቲ ዚስዕልሉ ጊዜ ድማ ባክቴሪያ ዘሎዎም ሰባት፥ ቅድሚ ሕክምና ምግባር ምጅማሮም፥ ኣዝዮም ኣላገብቲ ናይቲ ሕማም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ተላባዕነት ሕማም ዓባይ-ሰዓል፡ ድሮ ኣብተን ቀዳሞት ሰሙናት ናይ ሕክምናኻ ቀልጢፉ ይንኪ’ዩ። ካብ ሳንቡኦም ወይ ካብ ሻምብቆ ትንፋሶም ወጻኢ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ-ኣካል ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎም ሰባት ከላግቡ ኣይክእሉን’ዮም። ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎም ዕሸላት ቈልዑ፥ ዳርጋ ፈጺሞም ኣየላግቡን’ዮም። ዓባይ-ሰዓል ብኽዳን ወይ ብኻልእ ነገራት ኣይላባዕን’ዩ። ዓባይ-ሰዓል ኣብ ደገ’ውን፡ ዳርጋ ኣይመሓላለፍን’ዩ።

## ዓባይ-ሰዓል ሓደገኛ ሕማም ድዩ ?

ሕክምና ዘይተገብረሉ ሕማም ዓባይ-ሰዓል፥ ከቢድ መጒዳእቲ ከሰዕብ፥ ሳሕቲ ውን ናብ ሞት ኬብጽሕ ዚኽእል እዩ። ዕሸላት ቈልዑን፡ እቶም ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎዎም ሰባትን፥ ብዝተፈልየ ብዓባይ-ሰዓል ብጽኑዕ ናይ ምሕማም ሓደጋ የጋጥሞም እዩ።

## ዓባይ-ሰዓል ብኸመይ ኪሓዊ ይኽእል?

ሕማም ዓባይ-ሰዓል፡ ነቶም ሕማም ዘላዓዕሉ ባክቴሪያ ዚቐትል መድሃኒት ብምውሳድ ኪሕከም ይኽእል እዩ። ሕክምና ዓባይ-ሰዓል ንሓያሎ ኣዋርሕ’ውን ኪቕጽል ዚኽእል እዩ። እቲ ብሓኪም ዝተዋህበካ ናይ ሕክምና መምርሒ ምክትታል ኣዝዩ ኣገዳሲ  እዩ።

ከምኡ’ውን ንሕክምና ዚወሃበካ ከኒና ከይዘለልካ ብጥንቃቐ ምውሳድ  ኣገዳሲ  እዩ። ነቲ መድሃኒት እንተደኣ ብተኸታታሊ ዘይወሲድካዮ፥ እቶም ባክቴሪያ ነቲ መድሃኒት ክጻወርዎ ስለ ዚኽእሉ፥ ነቲ ሕማም ንምሕካሙ ኣዝዩ ዝኸበደ ኪገብሮ ይኽእል እዩ።

መድሃኒት ዓባይ-ሰዓልን ናይ ሓኪም ክንክንን ብነጻ እዩ ዚግበረልካ።

## ንኻልኦት ሰባት ንኸየልግብ እንታይ ኪሓስብ ይግብኣኒ?

ዓባይ-ሰዓል ብመሰረት ሕጊ ተላጋቢ ሕማም፥ ንሕብረተሰብ ከም ሓደገኛ ሕማም'ዩ ዚቖጸር። ስለዚ ድማ፡ ነቶም ብሓኪም ዚውሃቡኻ ናይ ኣደብ መምርሒታት ተባሂሎም ዚጽውዑ ሕጊታት ክትስዕቦም ይግብኣካ። ወላዲ ድማ፡ እቲ ቆልዓ ነቶም ናይ ኣደብ መምርሒታት ከም ዚስዕቦም ኪገብሩ ሓላፍነት ኣሎዎም።

ንኻልኦት ሰባት መታን ከይተልግብ፥ ንዝትወሰነ ጊዜ ኣብ ሆስፒታል ክንክን ኪግበረልካ ይኽእል እዩ።

### መምርሒታት ኣደብ

- ንስኻ ተላጋቢ ዝኾነ ዓባይ-ሰዓል ዘሎካ ሰብ፥ ናብ ስራሕ፡ ናብ ቤትትምህርቲ ወይ ናብ ናይ ነጻ-ጊዜ ንጥፈታት ክትከይድ ኣይፍቀደካን  እዩ።
- ሓኪም እንተደኣ ናብ ሕክምና ክትመጽእ ቈጸራ ሂቡካ፥ ግድን ክትመጽእ እዩ ዘሎካ።

### እዚ መርሒታት ኣደብ፡ ንኽንደይ ጊዜ የገልግል?

እዚ መምርሒታት ኣደብ፡ ክሳብ እቲ ሓኪም  ካብ ሕጂ ንንየው ሕማማ ኣይተመሓላልፍን ኢኻ ዚብለካ የገልግል።

### እቲ ዝተዋህበካ ናይ ኣደብ መርሒታት ጌጋ'ዩ ትብል እንተ ኾንካ?

ኣብቲ ዞባኻ ምስ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ፥ ነቲ ናይ ኣደብ መምርሒታት ውሳነ ዳግም ክርእዮ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ምስቲ ኣብ ዞባኻ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ ርክብ ግበር።

[Kontaktuppgifter till smittskyddsläkare | Smittskyddsläkarföreningen (slf.se)]

ምስቲ ኣብ ዞባኻ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበዳ፥ በቲ ናይ ሆስፒታል ዓዳሊ ቁጽሪ-ስልኪ ብምድዋል ውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ክሳብ'ቲ ጉዳይካ ተራእዩ ውሳነ ዚወሃበካ ግን፥ ነቶም ተዋሂቦምኻ ዘሎዉ ናይ ኣደብ መርሒታት ክትስዕቦም ኣሎካ።

## ነቲ ምንጪ ናይቲ ሕማም ምንዳይ

ብመሰረት ሕጊ ተላጋቢ ሕማም፥ ነቲ ምንጪ ናይቲ ሕማም ንምርካቡ ኣብ ዚግበር ጻዕሪ ክትተሓባበር ይግብኣካ። እዚ ማለት ድማ፡ ንስኻ/ኺ ነቶም ሰራሕተኛታት ክንክን-ሕማም፥ መታን መዓስ፡ ኣበይን ብኸመይን ለጊቡካ ኪኸውን ከም ዚኽእል፥ ንስኻ ውን ምናልባት ንኻልኦት ኣላጊብካሎም ከይትኸውን ንኺፈልጡ፥ ሓበሬታ ክትህቦም ይግብኣካ። እቲ ትህቦ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዝ ኰይኑ፥ ነቶም ዓባይ-ሰዓል ሒዝዎም ዘሎ ሰባት ምርካቦምን ሕክምና ኪገብሩን ኣዝዩ ኣገዳሲ  እዩ። ሓደ ሰብ ዝለገቦ ኪኸውን፡ ግን ድማ ዘይሓመመ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

[Tuberkulos – tbc | 1177 (1177.se)]